# ቀዳሞት ግጥማት ሓርነታዊ ቃልሲ



መምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ

## ምትሓዝ ፈዳይን ኣብ ኣስ መራ ሰነ 1963

መራሒ ተመሃሮ ካይሮ ዝነበረ፡ ስዒድ ሑሴን ካብ ግብጺ እቲ ቀዳማይ ንሜዳ ዝተሰለፈ እዩ። ሓደ ካብቶም ስርሒት ፈዳይን ኣቐርደት ዝፈጸሙ እውን እዩ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ መስራቲ ኣኼባ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ ሰነ 1963፡ ኣቓልቦ ማሕበረሰብ ዓለም ንምስሓብ፡ ምስ ማሕሙድ ሃሩን ዝተባህለ ተጋዳላይ፡ ኣብ ኣስመራ ስርሒት ንምፍጻም ተበገሰ። ዒላማኦም መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራን መመንጨዊ ሓይሊ ኤለክትሪክ ሴዳውን ነበረ። ግን ኣይተዓወቱን። ዝደርበዩወን ቦምባታት ርሒቐን ስለዝተፈንጀራ፡ ኣብ ልዕሊ'ተን ለም ኢለን ዝነበራ ነፈርቲ ክሳራ ኣየውረዳን። ኣብ ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ዝፈጠሮ ስንባደ ግን ቀሊል ኣይነበረን።

እዞም ክልተ ፈዳይን፡ ድሕሪ'ቲ ስርሒት፡ ብሰንኪ ሓደ ክተሓባበሮም ኢሎም ምስጢሮም ዘካፈልዎ ሰብ ተታሒዞም እዮም። ስዒድ ሑሴን ድማ ብወተሃደራት ተዓጂቡ፡ ናብ ቦታ ፍጻመ ተወሲደ። እቲ ውጥን ምስ ገለጸሎም፡ ብትብዓቶም ተደነቑ። ሓደ መዓልቲ ቅድሚ ስርሒት ናብ መኪና ኣዛዚ ካልኣይ ክፍለ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝደርበይዎ ቦምባ እውን ዒላማኡ ከምዘይወቕዐ ይንገር። እቲ ነዞም ክልተ ፈዳይን ኣብ ገዝኡ ዘዕቈበ ዜጋ፡ ተኣሲሩ ብዙሕ ስቅያት እኳ እንተወረዶ፡ ብዘይካ ናይ ኣካራይን ተኻራይን ዝምድና ምስኣቶም ካልእ ምስጢር ከምዘይነበሮ ብምግላጽ ኣብ ቃሉ ስለዝጸንዐ ድሕሪ ዓመትን ፈረቓን

ካብ ቤት ማእሰርቲ ተለቀ። ተጋደልቲ ስዒድ ሑሴንን ማሕሙድ ሃሩንን ግን ክሳብ 1975 ብስርሒት ካብ ማእሰርቲ ነጻ ዝወጹ ንዓመታት ተዳጎኑ።
ፈተነ ዑመርዲን
ኣብ ክረምቲ 1963፡ ኣዛዚ ነቑጣ ፖሊስ ብሹካ ዝነበረ ዑመርዲን መሓመድ፡ ምስኡ ዝነበሩ ፖሊስ፡ ብረቶም ኣብ መዓስከር ገዲፎም፡ ኣመት ዝሓረስዎ ግራውቲ ክገብሩ ፈቐደሎም። ዑመርዲን ነቲ ብረት ሒዙ ናብ ቃልሲ ክጽንበር እዩ መዲቡ። ነቶም ኣቐዲሙ ኣዳልዩዎም ዝጸንሐ መንእሰያት ጸዊዑ ከኣ፡ ብረታት ኣሰኪሙ ተበገሰ። ነዊሕ ከይተጓዕዙ ግን፡ መንግስቲ ብርክት ዝበሉ ፖሊስ ኣኽቲቱ፡ ኣሰሮም ኣኸተለ።
ዑመርዲን ነዛ ስርሒት'ዚኣ ክምድብ ከሎ፡ ምስ ዝኾነ ካልእ ኣይመኸረን። ብረት ሒዙ ካብ ብሹካ ከምዝወጸን ኢትዮጵያ ትሃድኖ ከምዘላን ግን ተጋደልቲ ቀልጢፉ ወረ በጽሖም። በዚ ድማ ካብ ታሕታይ ባርካ ገለ ተጋደልቲ ንዑመርዲን ክረኽቡ ተንቀሳቐሱ። ብዙሕ ኲለል ኢሎም፡ ክረኽብዎ ግን ኣይከኣሉን። ብኣንጻሩ ፖሊስ ሓበሬታ ረኺቦም ንዑመርዲንን ብጾቱን ኣርኪቦም ተኹሲ ከፊቱሎም። ዑመር ተጋደልቲ ምስ ሰኣነ፡ ነቲ ብረት ኣብ በረኻ ሓቢኡዎ ነበረ። ኣብቲ ተኹሲ ካብቶም ሸውዓተ ክልተ ብፖሊስ ተቐትሉ። ዑመርዲን ሃዲሙ። ክልተ ካብቶም መንእሰያት ናብ ዓዶም ተመልሱ። ሓደ ድማ ፖሊስ ሒዞሞ ኣብ ባረንቱ ብማሕነቕቲ ቀተልዎ። ዑመርዲን፡ ድሕሪ ነዊሕ ክርተት ብረቱ ሒዙ ናብ ተጋደልቲ ክጽንበር ከኣለ።

ዕዉት ስርሒት ተልኣይ (ሰንከት-ክናብ ) 1መስከረም 1963
ፖሊስ፡ ቁጽሪ ተጋደልቲ ካብ ዓሰርተ ዘይሓልፍ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ ኣብ ከባቢታት ኬሩ፡ ሃይኮታ፡ ግርግር፡ ኣዲባራ፡ ሳዋ ኲለላ ይገብሩ እኳ እንተነበሩ፡ ልቦም ኣውዲቖም ኮፍ ክብሉሉ ዝኽእሉ ቦታ ግን ኣይነበረን። ኣብ መፋርቕ 1963፡ ብዑመር እዛዝ ዝምርሑ ተጋደልቲ ሳዋ ውዒሎም ጸሓይ ዕራርቦ፡ ካብ ሩባ ሳዋ ንምዕራብ ናብ ዝርከብ ጎቦታት እናበሉ፡ ብወገን ግርማይካ ንኲለላ ዝመጹ ፖሊስ፡ ንተልኣይ (ሰንከት- ክናብ) እናተጓዕዙ፡ ተጋደልቲ ኣቐዲሞም ረኣይዎም።
ፖሊስ ኣብታ ዓዲ ምስ በጽሑ፡ ኣልመቕርብ ስለዝነበረ ኣብ ሰላት ኣተዉ። ሽዑ ሓደ ካብቶም ኣብ እግሪ ጎቦ ተልኣይ ኮይኖም ዝከታተልዎም ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ንዑመር እዛዝ ሓንቲ ቅርሺ ሃቢኒ ኢሉ፡ ዝገዝእ ተመሲሉ ናብታ ፖሊስ ኣዕሪፎምላ ዝነበሩ ዱኳን ኣተወ። ኩነታት ናይቶም ፖሊስ ተዓዚቡ ከኣ ናብ ብጾቱ ተመልሰ። እታ ብዑመር እዛዝን ምክትሉ ዑመር ናስር ሹምን ትምራሕ ጋንታ ንህጁም ተዳለወት። ቦምባታት ዓቲሮም ናብ ማእከል'ቶም ወተሃደራት ኣተዉ። ኣርደን (ብረትካ ኣውርድ ወይ ኢድካ ሃብ) ድማ በልዎም። ፖሊስ ብስንባደ ፊዚዞም ከም ዓንዲ ጨው ደረቑ። ሓደ ካብኦም ግን ኢዱ ከይሀብ

ሃቂኑ ነበረ። ከም ዘየዋጽኦ ፌሊጡ ግን ከም ብጾቱ ኣማን ኣማን በለ። ዑመር እዛዝ ብዘይካ ዕጥቂን ብረትን ጅብኦም ከይፍተሽ ኣዘዘ። ብዛዕባ ቃልሲ ንናጽነት ሓጺር ምህሮ ሂቡ ከኣ ክኸዱ ሓደጎም። ሓደ ካብቶም ፖሊስ ግን ኣነ ምሳኹም ክጋደልየ በሎም። ኣይተቐበልዎን። "ሕጂ ድሓን ኪድ፡ እንተደሊኻና ኣይትስእነናን ኢኻ" በሉዎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዘይ ክሳራ 9 ብረት ክትሰልብ ቀሊል ዓወት ኣይነበረን። ኣብታ ጋንታ ብረት ዘይነበሮም ጃለ ድማ ብረት ክዓጥቁ ከኣሉ።
ድሕሪ'ዚ ዕዉት ስራሕ፡ ተጋደልቲ ብረቶም ሒዞም ንሳዋ - ንጎቦ ኦማል፡ ብረቶም ዝተመንዝዑ ፖሊስ ድማ ኣብቲ ቦታ ሓዲሮም ንጽባሒቱ ኣግማሎም ጥራሕ ስሒቦም ናብቲ ዝመጹዎ ግርግር ኣበሉ። ካብ ግርግር ምስ ሕርቃኑ ዝተበገሰ ዕጡቕ ሓይሊ ፖሊስ ሰንከትክናብ ብምምጻእ ንሰለማዊ ህዝቢ ከም ኣፍ ዑንቂ ኣጽበብሉ። ነቲ ኩርያ (ቁርኣን) ዝምህር ሰይድና ማሕሙድ ብፍላይ ገመድ ኣብ ክሳዱ ኣእትዮም ተጋደልቲ ዘለዉዎ ቦታ ክሕብር ከም በጊዕ ወጠጥዎ። ዋና ናይታ ኣብ ሰንከት-ክናብ ዝነበረት እንኮ ድኳን ሓመድ ዑመር ግን፡ "ንሸኽ ሕደግዎ ኣነ ተጋደልቲ ዘለዉዎ ቦታ ከርእየኩም" በሎም። ብመሰረት ስምምዖም ተጋደልቲ ዘለዉዎ ቦታ ከርእዮም ካብ ሰንከት-ክናብ ንሩባ ሳዋ ሰጊሮም ናብ ኦማል ገጾም መረሹ። እንተኾነ ምስ ተጋደልቲ ፊት-ፊት ክገጥሙ ትብዓት ስለዘወሓዶም፡ ኣመኻንዮም ንድሕሪት ተመልሱ።

## ስርሒት ኣዲባራ

13 መስከረም 1963

ኣቐዲሙ ከምዝተገልጸ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብጸቕጢ ዝኣክል ኣብ ዘይመደቦ ሰዓት፡ ብዘይ እኹል ቀረብ ሰብን ዕጥቅን እዩ ቃልሲ ጀሚሩ። እተን ሓምድ ብህይወቱ ከሎ ዝተኻየዳ ሽዱሽተ ግጥማት፡ ፖሊስ ኣሰር ሓምድ እናሰዓበ ዘጥቅዓሉ እምበር ብተበግሶ ሓምድ ኣይተፈጸማን። ብርግጽ ድማ ውሑድን ኣረጊትን ብረታት ሒዝካ ምስቲ ብሉጽ ዕጥቂ ናይ ኣመሪካ ዝነበሮ ሓይሊ ክትገጥም ከቢድ እዩ ነይሩ። ሓምድ ብመስዋእቲ ክሳብ ዝፍለ፡ ጉዳይ ዕጥቅን ተተኳስን ፍታሕ ኣይተረኽቦን ዝነበረ። ተጋደልቲ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ጥያይት ካብ ውልቀ ሰባትን ካብ ሰራዊት ሱዳን ብሕቡእ ዝተረኽበን'ዩ ነይሩ። እተን ኣብ ግንቦት 1962 ካብ የመን ብመንገዲ ስዑድያ ንኻርቱም ኣትየን ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ዝበጽሓ ዓሰርተ ዝልጎማ 5 ስርሓት እንግሊዝ ብረታትን (ኣብዓሸራ) 5 ሽጓጉጥን እውን ብኣበርክቶ ሃገራውያን ዝተረኽባ እየን ዝነበራ።
ተጋደልቲ ግን ፍታሕ ብደገ ክሳብ ዝመጾም ኮፍ ኢሎም ኣይተጸበዩን። "ንጸላኢ ብጥይቱ ብብረቱ" ዝብል ጭርሖ፡ ካብ ቀዳመይቲ ዓመት ናይ ቃልሲ እዩ ፈሊሙ። ኣብ ሓምለ 1962 ኣብ ነቖጣ ፖሊስ ሓልሓል ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ዋላ እኳ ኣብ መንጎ መኻልፍ የጋጥሞ፡ ብዘይ ዝኾነ ክሳራ ክልተ ጠበንጃን ጠያይትን ንምምንዛዕ ኣኽኢሉ እዩ። ጋንታ ዑመር እዛዝ ኣብ ተልኣይ (ሰንከት

ክናብ) ዝሰለበቶ 9 ብረታትን ገለ ብረቶም ሒዞም ናብ ቃልሲ ዝተጸንበሩ ኣባላት ፖሊስ ዘምጽእዎን ከኣ ነቲ ጸገም ከቃልሎ ክኢሉ።
ብ13 መስከረም 1963 ድማ፡ ዑስማን ኣቡ ሸነብን መሓመድ ዑመር ዓብደላ ኣቡጥያራን ዝመርሕዎ ኣሃዱ፡ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን ዝነበረት ነቑጣ ፍላንሳ ኣዴባራ ብምጥቃዕ 4 ብረታት፡ 142 ጠያይት፡ ሰለስተ ኣግማልን ዝተፈላለየ ኣቑሑን ሰለቡ። ንሱዳንን ኤርትራን ዘራኽብ መስመር ተሌፎን በቲኹም ድማ ባንዴራ ኢትዮጵያ ብምውራድ ባንዴራ ኤርትራ ኣንበልቢሎም ብሰላም ናብ ዝመጽዎ ተመልሱ።

## ተኣምራታዊ ስርሒት ሃይኮታ 19 መስከረም 1963

ኣብ መፋርቕ 1963፡ ቁጽሪ ተጋደልቲ እናወሰኸ ስለዝኸደ፡ ሽግር ዕጥቂ ዝያዳ ገደደ። ኣብ ሓንቲ መሰርዕ ካብ ብረት ዝዓጠቑ ሴፍን በትርን ዝዓጥቁ በዝሑ። ድሕሪ'ቲ ኣብ ሓልሓል፡ ተልኣይን ኣዲባራን ሽግር ዕጥቂ ንምፍታሕ ስዒባ ዝተኻየደት ስርሒት ድማ ናይ ሃይኮታ ነበረት። ኣደም ግንድፍል ኣብ ሃይኮታ ስርሒት ንምፍጻም፡ መጽናዕቲ ኣካየደ። ሓንሳብ ጽሉል ሓንሳብ ጥዑይ እናመሰለ ዘድሊ ሓበሬታ ድሕሪ ምእካብ ድማ፡ መዓልቲ ቆረጸ። ኣብታ ዝተወሰነት ዕለት፡ ተጋደልቲ ኣብ መንጎ ሃይኮታን ባረንቱን ኣውቶቡስ ከቲሮም ተሰቐልዋ። ክዳን ሲቪል እዮም ተኸዲኖም። ብረቶም ከዊሎም፡ ሰለማውያን ተሳፈርቲ መሲሎም ከኣ ብቐጥታ ናብ መደበር ፖሊስ ሃይኮታ ኣምርሑ። ነቲ ዋርድያ ዝጸንሖም ቀቲሎም ነቲ ንቑጣ ብምቁጽጻር ከኣ 20— 30 ደቓይቕ ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ ዝቕተል ቀቲሎም ዝስለብ ሰሊቦም ወድኡ። ሰነዳት መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብዛ ዕለት'ዚኣ፡ ተጋደልቲ ክልተ ወተሃደራት ከምዝቐተሉን ኣርባዕተ ከምዘቚሰሉን፡ ሓደ መትርየስ ምስ 11 ካዝና 29 ዲሞፍተረ ጠበንጃ፡ 2 ኤም ዋን፡ 8 ናይ ኢድ ቦምባ፡ ሓንቲ ሽጉጥን ሰለስተ ሽሕ ጠያይትን ከምዝመንዝዑ ይሕብር። ኣብዛ ስርሒት'ዚኣ መስዋእቲ ናይ መሓመድ ከራር ኣጋጠመ።
ግንድፍል፡ ቅድሚ'ዚ ዕዉት ስርሒት ኣብ ዝተፈላልየ ውግኣት ተሳቲፉ'ዩ። ኣብ ኣቑርደት ዝተፈጸመ ዕዉት ስርሒት ፈዳይን ዝመርሐ እውን ንሱ እዩ። ሓደ ካብ ወተሃደራት ሱዳን ነበር ኮይኑ፡ ብሰንኪ መውጋእቲ ኣቕዲሙ ካብ ሰራዊት ዝተፋነወ ብምንባሩ፡ ሓምድ ካብ ገርሰት ከይወጸ ንሰውራ ዝኸውን ብረትን ዕጥቅን ኣብ ምርካብ ክተሓባበር መዲቡዎ ነበረ። በዚ ድማ፡ ኣብ መንጎ ሜዳን ከሰላን፡ ቀንዲ መራኸቢ መስመር ኮይኑ ንኣስታት ሓደ ዓመት እናተመላለሰ፡ ዓቢ ስራሕ ዝፈጸመ ሓርበኛ'ዩ። ንኤርትራውያን ኣባላት ሰራዊት ሱዳን መሪሑ ምስ ሓምድ ዘራኸቦም ንሱ እዩ። እዛ ብልሓትን ትብዓትን ዝተራእያ ስርሒት ሃይኮታ ከኣ ብቐንዱ ናቱ ውጥን እያ። ተጋደልቲ ነታ ስርሒት ድሕሪ ምፍጻሞም፡ ባንዴራ ኤርትራ ኣብ መደበር ፖሊስ ሃይኮታ ሰቒሎም እዮም ወጺኦም።

ስርሒት ሃይኮታ ነቶም ብኻልእ ሸነኽ ዝነበሩ ተጋደልቲ ሞራል ኣስኒቓቶም'ያ። ገለ ተጋደልቲ ባቡር ተጻዒኖም ሓጋዝ ኣትዮም ተመሳሳሊ ስራሕ ንምፍጻም፡ ኣብ ዳዕሮታይ ኣድብዮም እናተጸበዩ፡ ዋርድያ ዘንጊዑ ባቡር ህሩግ ስለዝበሎም ፈሺሎም ተረፉ። ሽዑ ተጋዳላይ ዑስማን እድሪስ፡ ተረፍ ሕርቕሩቓቱ ናብ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ከረን ፊተውራሪ እምባየ ሃብተ ቴለፎን ደዊሉ "ኣነ ወዲ ዓዋተ'የ ሎሚ ንዓኻ ክቀትል መጺኤ ኣለኹ" ክብል ሃደዶ። ካብ ዳዕሮታይ ንሰሜን ወገን ኣብ ሓሸሻይ ዓድ ማሕሙድ ኣዕሪፎም ከለዉ ከኣ፡ ክዋዘዩ ዝዓደምዎም ፖሊስን ጦር ሰራዊትን ከተፍ በሉዎም። ብሓደ ወገን ጦር ሰራዊት ብኻልእ ድማ ፖሊስ ተኹሲ ከፈቱሎም። እቶም ተጋደልቲ ግን ኣይተኻእሉን። ፖሊስ ኣንሳሓቡ። ጦር ሰራዊት ቅሩብ ስለመከተሉ ሽዱሽተ ወተሃደራት ተቐትሉዎም። ኣብቲ ግጥም ተጋደልቲ ሓንቲ ብሬን ማረኹ። ካብኡ ናብ ከባቢ ደብረሳላ ኣበሉ። ኣብኡ ድሕሪ ምቕናይ፡ ዑመር እዛዝ ካብ ከሰላ ጠያይት ስለዘምጽአ መከላኸሊ ነብሶም ረኺቦም ናብ ባርካ ላዕላይ ተመልሱ። ኣብ ሸበቕ፡ ካብ ፖሊስ ብረት ንምምንዛዕ ኣብ ዝኸፈትዎ ውግእ ከኣ ተጋዳላይ ዑስማን እድሪስ ተሰውአ። ሬሳኡ ከረን ኣትዩ ኣብ ደዓሪት ተቐብረ።
ኣብ ጥቅምቲ 1963 ሓፈሻዊ ኣኼባ ተጋደልቲ ኣብ ኩር ስለዝተመደበ፡ እዞም ተጋደልቲ ካብ ባርካ ላዕላይ ንኩር ተበገሱ። ኣብ ኣኼባ ኩር ተጋደልቲ ብሓሙሽተ ጋንታታት ክምዝቈሙ ተገብረ። መራሕቲ ጋንታታት ዑመር እዛዝ፡ ማሕሙድ ዲናይ፡ ዑስማን ኣቡሸነብ፡ ኣሕመድ ወለሎ፡ ክቡብ ሓጃጅ ተመዚዞም፡ ኣብ ሜዳ ምክትል ናይቲ ኣብ ከሰላ ዝነበረ መራሒ ሰራዊት (ጣህር ሳልም፡) ባብክር መሓመድ እድሪስ ንቦታ መሓመድ ዑመር ዓብደላ - ኣቡ ጥያራ ተክአ። እንተኾነ ባብክር መሓመድ እድሪስ ቀልጢፍ ብሕማም ኣብ ገዳርፍ ስለዝተሰውአ ማሕሙድ ዲናይ ተክአ።

## መጥቃዕቲ መንሱራን መስዋእቲ ወለሎን 24 ታሕሳስ 1963

ተጋደልቲ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስቲ ንዝሰርሑ ዝነበሩ ኤርትራውያን መልእኽቲ እናጸሓፉ ኣንጻር ገዛእቲ ደው ክብሉን ምስ ሰውራ ክተሓባበሩን ካብ ፈለማ ዓመት ናይ ቃልሲ ጀሚሮም፡ ጻውዒት የቕርቡሎም ነበሩ። በዚ ድማ፡ ብዙሓት ኣብ ማእከል ጸላኢ ዓይንን እዝንን ሰውራ ኮይኖም ክተሓባበሩ ከለዉ፡ ውሑዳት ግን ብኣንጻሩ ምስ መንግስቲ ይተሓባበሩ ነበሩ። ሓደ እዋን ተጋዳላይ መሓመድ ዓሊ ወለሎ፡ ምስቲ ኣብ ነቑጣ ፖሊስ መንሱራ ዝነበረ ኣዛዚ ሓደ ስምምዕ ገበረ። ወለሎ መጥቃዕቲ ክገብር'ሞ፡ እቶም ኣባላት ፖሊስ በቲ ኣጋጣሚ፡ ኣጽዋሮም ሒዞም ናብ ሰውራ ክጽንበሩ።
ድሕሪ ኣኼባ ኩር፡ ጋንታ ወለሎ ንባርካ ላዕላይ ብምውጻእ ክሳብ ኣድያቦ ኣብ ዘሎ ቦታታት ትንቀሳቐስ ነበረት። ወለሎ ነቲ ከባቢ ጽቡቕ ጌሩ ስለዝፈልጦ 10 ሸፋቱ ኣኻኺቡ ምስኡ ከም ዝስለፉ ብምግባር ናብ ዓንቦሪ ተመልሰ። ካብኡ ንመንሱራ ተበገሰ። ክሽዱ ሓዲሮም ወጋሕታ መንሱራ በጽሑ። ኣዛዚ ፖሊስ

ግን ከም ቃሉ ኣይሰለመን። ሽዑ ወለሎ ብምዕራብ ናይቲ ንቑጣ ኮይኑ፡ ነቶም ብምብራቕ ዝነበሩ ኣብ'ቲ ሓጹር ሓዊ ከንድዱ ኣዚዙ ተኹሲ ተጀመረ። ፖሊስ ኣብ በሪኽ፡ ተጋደልቲ ድማ ኣብ ለጠቕ ዝበለ'ዮም ነይሮም። ወለሎ ምስ ኣባነብሮ ዓሊ ማሕሙድ ከምኡ'ውን ሓላፊ እቶም ሸፋቱ ዝነበረ ኮይኑ እናተኮሰ ከሎ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ልዕሊ መረባዕ ኮይኑ ዝትኩስ ዝነበረ ፖሊስ ፈልዩ ንወለሎ ወቕዖ። ወለሎ ምሕኩልቱ ተሓምሺሹ ወደቐ። "ኣነ ኣኺሉኒ'ዩ ብረትኩም ጥራሕ ተረከቡኒ" ኢሉ፡ ብረቱ ካብቲ ሓጹር ወጻኢ ወርወራ። "ንዓይ ግደፉኒ ንስኻትኩም ውጹ" ድማ በሎም።

ብጾቱ ኣንሳሒቦም ናብቲ ካብ ሃይኮታ ንሰሜናዊ ምዕራብ ዝርከብ ኣኻውሕ ክጽግዑ ከለዉ፡ ካብ እንገርነን ኣቑርደትን ዝተበገሱ ፖሊስ መንሱራ ኣትዮም ነበሩ። ሽዑ ኮሎነል ከበደ ያቆብ ንወለሎ "እዚዶ ይሕሸካ" ምስ በሎ ወለሎ ኣብ ገጹ ጡፍ በለሉ። ኮሎኔል ከኣ ብሕርቃን ሽጉጡ ኣውጺኡ ኣዳጊሙ ቐተሎ። 24 ታሕሳስ 1963 ሬሳ ወለሎ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ዕዳጋ ኣቑርደት ተንጠልጢሉ ወዓለ። ዛንታ ወለሎ ከኣ ካብ ጫፍ ንጫፍ ኣቃልሐ። "ንኮሎኔል ጡፍ ኢሉሉ፡ ብሽጉጥ ኣዳጊምዎ፡ ሬሳኡ ምሉእ መዓልቲ ሰቒሎሞ ውዒሎም" ተባህለ። ጋዜጣ ሕብረት እውን ብ28 ታሕሳስ 1963 "ወለሎ ሙሓመድ ዓሊ ዝተባህለ ውሩይ መራሒ ሸፋቱ ተቐቲሉ" ዝብል ኣርእስቲ ሂባ ኣብ ዓምድታታ ኣስፈረቶ።